**ተሞኩረይ ኣርባዓ ዓመት ኣብ ቃልሲ**

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*



*ካብ ተሞኩሮይ ተበጊሰ ከምዚ ክብል*
*ስለ ምንታይ ይድለ ሎ ሐዲሽ ጽላል*
*መልክዕካ ቀይርካ ተቓዋሚ ምምሳል*
*ውጺኢት ዘይስኒትና ወትሩ ምምኽቓል ..*

*ከይቀደመትኪ ሐባል በልያ*
*ተቃውሞና ኣይገበረን ሞያ*
*ዝቀደመ ዝደሐረ ናብ ስልጣን ጉያ..*

*ካብ ኣኼባታት ጀርመን ጀሚረ*
*ኣብ ዋዕላ ጉባኤ ብዙሕ ተማሂረ*
*ኣበይ ኣሎ እቲ ስምረት ዝዘመረ*
*ንነብሱ ውድብ ምንቅስቓስ ዝቐየረ*
*የመልክዓሉ ዶ ሕጂ ፍረድዎ ደቂ ኤረ*
*ውድባት በዚሔን ኢሉ እንተ ማረረ..*

*ደንበ ተቃውሞ ካብ ሱዳን ሰጊሩ*
*ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ገበረ መዓስከሩ*
*ተባዚሑ ፋሕ ኢሉ ካብ ስራሕ በኹሩ*
*ግን ዝተፈላለዩ ሰባት ትሰምዕ ዘማርሩ*
*ንዲክታቶር ዝካላኸሉ ከይሐጽር ዕምሩ..*

*ካብ ካስል ዝተበገሰ ዋዕላ*
*ተቃውሞ ደንበ ንኹሉ ኣማእኪላ*
*ብጀካ ቶም ዝጠለሙ ማሕላ*
*ኣብ ዓመታ ንኹሉ ኣካፊላ*

*ምስ ኩሉ ሐርጎጽጎጽ ጽላል ተኺላ..*

*ግን ኣይኮነን ከምቲ ዝተመነናዮ*
*ክንዲ ንከባቢ ዛላምበሳ ንጉባኤ*
*ናብ ሕንብርቲ ኢትዮጵያ ሱባኤ*
*ንኣዋሳ ካብ ሩሑቅ ቀረባን ዘመጽኤ*
*ውጽኢት ጉባኤ ኣዋሳ እስከ ንርኤ*
*ካብ ሹዑ ጀሚሩ ኣነ ኣነ ዝበዝሔ..*

*ጸለመ ጸረ ናይ ኪዳን ጽላል*
*ክንዲ ንሃገራዊ ጉባኤ ምሕያል*
*ገለ ገለ ተዋፊሮም ፋሕ ንምባል..*

*በቶም ዘይርስቶም ዝተማስሑ*
*ንህዝቢ ኤረትራ መታን ከየርብሑ*
*ተፈንጢሖሑ እንተበሉ ትፍንጢሖሑ*
*ተኣከቡ እንተ በልኹም ትእከቡ..*

*ብዘይናሐፍነት ብዘይምግናን*
*ኤረትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን*
*ቃልሲ በኹሩ ነዊሑ እዋን*
*ዘይትውስኑ ህዝቢ ንምድሐን..*

*ስልጣን ዝምነዩ ናይ ሃገራዊ ባይቶ*
*ካብ ቀዳሞት ካብ ዳሕሮዎት ንእሽቶ*
*ንጽላል በትን ኣትዮም ንፋስ ዘራጊቶ*
*ጸላእቲ ኣብዚሖሑ ስራሕ በኹሩ ኮንቶ..*

*ብዘርኢ ክርዳድ ደሎ ዘይበኸየ*
*ብህግደፍ ዘይተኣስረ ዘይተጨየ*
*ከም ፈደል ብኣምላኽ ከይተኣለየ*
*ኣብ ቀይዲ ክነእትዎ ዘይንጓየ..*

ዘርኢ ክርዳድ ዝመራሒኦም ማቶ
ንሱን ጀነራላቱ ኣዛብእ የብሉን ሕቶ



ምንስተራቱ ዑስማን የማነ ሽርሊ ኮንቶ
ህግደፋዊያንን ተዳናገጽቱን ቢቲ ቢቶ..

ምኒስተራቱ እኒ ብላዕ ኢልዎ
ንህዝብና ትሽጥዎ ትልውጥዎ
ባሕርና ብምልዮናት ተካርይዎ..

እወ ንቃለስ ኣለና ነርባዓ ዓመት
ጸረ መግዛእቲ ተቃሊስና ንነጻነት
ሕጂ ውን ጸረ ዲክታትር ንሐርነት
ንሕና ኣይተንበርከኽናን ንባርተት..

ካህናት ሽኻት ኣሰር ኣባ ኣነስቲኖ ሳዓቡ
ንተቓውሞ ደንበ ክትዓርቂ ከተቃራርቡ
ህዝቢ ትንፋስ ሐጺርዎ ዓቕሊ ኣጽቢቡ
ሙህራት ተኸተልዎም ብዙሕ ኣይትዛረቡ
ቅድመ ኩነት ጸረ ህግደፍ ንህዝቢ ኣክቡ..

ኩሉ በብሞዩኡ ይኸብር
ኩሉ በብሞዩኡ ሪሂጹ ይነብር
ሐላፍነት ዝስምዖ ሕድሪ የተግብር..

ቀዳሞት ፈቲና ማዓስ ዓድና ገዲፍና
ንጭፍራ ህግደፍ ያዕ ንበል ሐቢርና
ከም ሳምል ኣይትመነይሉ ንህዝብና
ድሕሪ ኢሰያስ ሰላም ክሰፍኖ ዓድና..

ሕማቕ ትምኒት ኣይንምነን
ዕላማና ንፍትሒ ንሐርነት

ብዘይ ሃገር ስለ ዘየለ ክብረት
ኤረትራውያን ደቀባት ብትዓት
ንሃገሮም ከፊሎም ረዚን ሂወት..

ሰብ ዕላማ ተቐበልቲ ሕድሪ
እወ ንሕና ዘለና ሃገራዊ ፍቕሪ
ንፍትሒ ንቃለስ ዘለና ብግብሪ..

ገለ ጠሊሙ ምስ ፈተወ ነብሱ
ንምክት ጸረ ቶም ደምና ዘፍስሱ
ኣይኮናን ከም ህግደፍ ንሕና ንሱ..

ፍትሐዊ ቃልሲ ሕጂ ኣይተጀመረን
ንስኹም ትሐስቡ ንሕና ኣይንሐስብን
ንስኹም ኣይነቕሐኩምን ዶ ኣየስምዕን
ከመይ ድዩ ቃልሲ ናይ ሎሚ ዘመን..

ስለ ዘይኮነ ከምቲ ዝተመነናዮ
ንሐርነ ቃልሲ እወ ቀጽልናዮ
ንሕና ንህዝቢ ማዓስ ጠሊምናዮ
መንእሰይ ኣሎ ኒሕና ዘውረስናዮ
ልቓሕ በሰሮ ካባኹም ዘይተጸበናዮ..

ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ
ንዲክታቶር ንዓኖት ዘይንውደስ
ብዘተ ብምክብባር ንሩር ክምለስ
ከም ቀደም ማዓርን ጸባን ክፈስስ..

ሃገራውያን እወ ዓዲና ንፈቱ
ሰብ ኣብ ዓዲ ስለ ዝኾነ ክብረቱ
ስለዚ እዩ ተቓሊሱ ንልእላውነቱ
ሕጂ ውን ይምክት ኣሎ ንጸላእቱ
ዘይጠለመት ዘይጠለመ ንሰማእታቱ..

ካብኡ ሃዲማ ሃዲሙ ክነሱ
ተመሊሶም ንዲክታቶር ይምጉሱ
ብዑሳብት ህግደፍ ጸሚምና
ለታይ ተላዓሊ ንኺድ ንዓድና
ንዲክታቶር ትብሊ መራሒና
ሃዲምክ ስ መንግስትና ትብልና..

ንደቀባት ንወረቐት ዘይብሎም
ንብሰንኪ ህግደፍ ዝገደፉ ዓዶም
ክሳብ ዝሕሎ ናይ ዑቁባ መሰሎ
ደለይቲ ፍትሒ ባዕልና ንጣበቐሎም..

ዋጨሊ ንስኽ እዶ ንዓዲ ተመለሲ
ከም ልሳንኪ ክትጻህዪ ክትኩስኩሲ
ኣብ ፈስቡክ ኮንኪ ካብ ትውድሲ
ወይ እንዳ ጋብር ደራኣንቶ ክትፍወሲ..

እወ ንዘርኢ ክርዳድ ከድኪ እግሪ ሰዓሚ
ካብ ጭፍራ ህግደፍ ወርቂ ብሻ ክትስለሚ
ኣብ ኣመሪካ ኮንኪ ኣእዝንና ኣይተጽምሚ..

ናይ ኤረትራዊያን ምቅዋም ዘስደምም
ህዝቢ ከየድሐንካ ሃገር ክይሐዝካ ጉዳም
ንህግደፍ ረሲዕካ ሕድ ሕድ ምቅዋም
ዓቢ ኑኡስ ክንድዙ ናይ ስልጣን ሕማም
ካብኡ ሃዲምካ ተመሊስካ ናብኡ ምስላም
እዚዩ ናተይ ናይ ኣርባዓ ዓመት ግምጋም
ጉዳም ንሎሚ ይሕሸና ብኸምዚ ምዝዛም..

በዚ ጋጣሚ ብሽም ኵሉ ደላይ ፍትሒ ዅም ኣብ ኢትዮጵያ፡ ብሐደጋ ማኪና ዝዓረፉ ኤረትራዊያን ኣብ መንገኦም ክልተ ስነ ጥበባዊያን ዝርከብዎም ሐዊስካ ንዖኦም፡ መግስተ

*ሰማይ የዋርሶ ም፡ ንስድራቤት ንፈተውቶምን ድማ ጽንዓት ይሃብኩም ጠሊ ይግደፍልኩም ንብል፡ነቶም ዝደሐኑ ድማ ዕድመን ጥዕናን ንምነየሎም።*

*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*